# ሕክምናዊ መድሕንኹም ምርዳእ

## *ኣብ ሽፋን መድሕንኩም ምድህሳስ*



ውላድኩም ፍሉይ ድሌት ክንክን ጥዕና፣ ምድንጓይ ዕቤት ወይ ስንክልና እንተሃሊይዎ፣ ሽፋን መድሕንኩም ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ ናይ ጥዕና መድሕን ጥቕምታትኩምን መድሕን ብኸመይ ንመደብ ቅድመ ምትእትታው ውላድኩም ንምሕጋዝ ኣበርክቶ ክገብር ከም ዝኽእልን ዝያዳ ክትፈልጡ ትተባብዑ። ነዚ ሓበሬታ ንምእካብ ምስ Family Resources Coordinator (ኣተሓባባሪ ጸጋታት ስድራቤትኩም፣ FRC)ን ጉጅለ ቅድመ ምትእትታውኩምን ንምክፋል ነቲ ተተሓሒዙ ዘሎ ናይ መድሕን ምርግጋጽ ስራሕ ወረቐት ምስ ዝያዳ ዝርዝር ምኽርታት ክትጥቀምሉ ትኽእሉ ኢኹም።

### ብዛዕባ ትልምኹም ፍለጡ

ብዛዕባ ሽፋንኩም ምፍላጥኩም ናይ ውላድኩም ድሌታት ንምምላእ ዝበለጸ ውሳነታት ክትወስዱ ይሕግዘኩም። ትልሚ መድሕንኩም ጽሟቕ መግለጺ ትልሚ ኣለዎ፣ እዚ ሰነድ እዚ ንሽፋንኩም ብሓጺሩ ዝገልጽን ንመድሕንኩም ዝቕበሉን/ወይ ኣብ ኔትወርክኹም ዘለዉን ወሃብቲ ኣገልግሎት ብኸመይ ከም እትረኽቡ ገለ መምርሒ ዝህብን እዩ። ከከም ኣስራሒኹምን ወሃቢ መድሕንን እዚ ብኢንተርኔት ከተንብብዎ እትኽእሉ ናይ ወረቐት ሰነድ ወይ ሓበሬታ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ትልምኹም ዘሎ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ምስ ክፍሊ ሰብኣዊ ርክባት ኣስራሒኹም ወይ'ውን ኣብ ካርድ መድሕንኩም ዘሎ ሓበሬታ ኣገልግሎት ኣባላት ተወከሱ።

### ብዛዕባ ትልምኹም ክትሓትዎ ዘለኩም ሓፈሻዊ ሕቶታት

ልዕሊ መሰረታዊ ትልምኹም እንታይ ከም ዝሸፍን ምፍላጥ፣ ብዛዕባ እቶም ንሽፋን ዘድልዩ ሕግታት ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ፦

- ትልምኹም ናብ ክኢላ ሓኪም ንምርኣይ ካብ ሓኪምኩም ወይ ካልእ ወሃቢ ኣገልግሎት ሪፈራል የድልዮ ድዩ?
- ትልምኹም ንሓደ ፍሉይ ቴራፒስት/ፕሮግራም ብኣግኡ ምትእትታው ኣገልግሎት ዝህብ ሪፈራል የድልዮ ድዩ (እዚ ማለት፣ ኣካላዊ ቴራፒስት፣ ሞያዊ ቴራፒስት፣ ናይ ዘረባ ምልማድ ቴራፒስት፣ ክኢላ ስርዓት ኣመጋግባ)
- ከመይ ጌርኩም ሪፈራል ትረኽቡ? ናብ ቤት ጽሕፈት ብምብጻሕ? ኣቐዲምካ ብምፍላጥ? ካልእ?
- ትልመይ ኣብ ሓደ ዓመት ክንደይ ናይ ቴራፒ ምብጻሕ ይሸፍን? እቲ ሪፈራል ምሕዳስ የድልዮ ድዩ? ንተወሳኺ ምብጻሕ ብቴሌፎን ፍቓድ ክትረኽቡ ትኽእሉ ዲኹም ወይስ ካልእ ምብጻሕ ምስቲ ናይ መባእታዊ ክንክን ሓኪም ቆጸራ ክትገብሩ ኣለኩም?
- እንታይ ዓይነት ቆጸራታት፣ ምርመራን ከይድታትን ቅድመ-ፍቓድ ዘድልዮም? እቲ ሓኪም ነቲ ቅድመ-ፍቓድ ክረኽቦ ይኽእል ድዩ ወይስ ብቐጥታ ምስ ትልሚ ጥዕናኹም ክትራኸቡ ኣለኩም?
- በቲ ትልሚ ክሽፈኑ ዝተሰማምዑ ወሃብቲ ኣገልግሎት (ኣብ-ውሽጢ-ኔትዎርክ ዝርከቡ ወሃብቲ ኣገልግሎት) ጥራይ ክትጥቀሙ ይግደድ ድዩ?
- ኣካል ትልምኹም ዘይኮኑ ሓካይም ወይ ካልኦት ወሃብቲ ኣገልግሎት ሕክምና እውን ክትርእዩ እንተኽኢልኩም (ካብ-ሽፋን ኔትወርክ-ወጻኢ) ፣ እቲ ትልሚ ነዞም ሓካይም ወይ ካልኦት ወሃብቲ ኣገልግሎት ንምርኣይ እንታይ ሕግታት ኣለዎ? ካብ-ሽፋን ኔትዎርክ-ወጻኢ ዝኾነ ኣቕራቢ ንምጥቃም እንታይ ዋጋ ክኸፍለኩም እዩ?
- ኣብ ህጹጽ እዋን ወይ ኣብ እትጓዓዝሉ እዋን ኣብ ኔትዎርክ ትልምኹም ዘይርከብ ሓኪም ወይ ካልእ ወሃቢ ኣገልግሎት ክትሪእዎ ትኽእሉ ዲኹም? ከምኡ እንተ ኾይኑ፣ ዋጋኡ ንዓኹም ክንደይ ክኸውን እዩ፧


**ርክብ፥**

ፕሮግራም Department of Children, Youth & Families Early Support for Infants and Toddlers (ክፍሊ ህጻናት፣ መንእሰያትን ስድራቤታትን ብኣግኡ ሓገዝ ንዕሸላትን ንህጻናትን)

PO Box 40970 Olympia, Washington 98504-0970 | **esit@dcyf.wa.gov**

**www.dcyf.wa.gov/services/child-development-supports/esit**



Washington State Department of
CHILDREN, YOUTH & FAMILIES

## ብሕክምናዊ መዳይ ኣድላዪ

ዋላ'ውን ትልሚ ጥዕናኹም እንታይ ዓይነት ጥቕምታት ከም ዝሽፍንን እቲ ሕሳብ ብኸመይ ከም ዝሰርሕን እንተፈለጥኩም፣ ሕጂ'ውን ናይ ውላድኩም ኣገልግሎት ብኣግኡ ምትእትታው ንኽሽፈን ጸገማት ከጋጥመኩም ይኽእል እዩ። "ብሕክምናዊ መዳይ ኣድላዪ" ዝብል ቃል ኩባንያታት መድሕን ንሓደ ፍሉይ ሕክምና ወይ ኣገባብ ሕክምናዊ ድሌት ንምፍላጥ ዝጥቀሙሉ ቃል እዩ። እዚ ትርጉም እዚ ከም ወሳኒ ረቛሒ ክፍሊት ሕክምናን ውላድኩምን ከድልዮ ዝኽእል ኣገባባትን ይጠቅም።

ኩሉ ግዜ ናይ ትልምኹም ትርጉም ሕክምናዊ ኣድላይነት ክትደልዩ ይግባእ፤ ዝኾነ ትርጉም ሕክምናዊ ኣድላይነት ንትርጉም ዝኸውን በታ ኣለዎ። ሕክምናዊ ኣድላይነት ከተረጋግጹ እንተድኣ ኣድልዩኩም፣ ብወሃቢ መባእታዊ ክንክንኩም፣ ወይ ካልእ ወሃቢ ሕክምና ነቲ ኣገልግሎት ዝሓትት ደብዳበ ክጽሓፍ ይኽእል።

## ንሓደ ዝተኸልከለ ይግባይ ምባል

ትልሚ ጥዕናኹም ንሓደ ኣገልግሎት እንተዘይከፈሉ ወይ'ውን ኣቐዲሙ ንሓደ ኣገልግሎት እንተዘይተሰማሚዑ፣ ሽዑ ንውሳነ ናይቲ ትልሚ ጥዕና ይግባይ ናይ ምባል ኣማራጺ ኣለኩም። FRC ወይ ወሃቢ ኣገልግሎትኩም ምሳኹምን ምስ ትልሚ ጥዕናኹምን ብምዃን እቲ መድሕን ንምንታይ ነቲ ኣገልግሎት ዘይኸፍሎ ዘሎ ሓበሬታ ንምርካብ ክኽእል ይኽእል እኳ እንተኾነ፣ ይግባይ ናይ ምጅማር ሓላፍነት ኣለኩም። እቲ ብዛዕባ መስርሕ ይግባይ ንትልሚ ጥዕናኹም ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ መርትዖ ሽፋን ኣሎ። መስርሕ ይግባይ ትልሚ ጥዕና ካብ ትልሚ ጥዕና ናብ ትልሚ ጥዕና ክፈላለ ስለዝኽእል ኣብቲ ሽፋንኩም ትግምግምሉ ዘለኹም እዋን ምስቲ መስርሕ ክትላመዱ ኣለኩም። ናይ ትልምኹም Explanation of Benefits (ቅጥዒ መብርሂ ጥቕምታት፣ EOB) ሓደ ኣገልግሎት ተሸፈኑ ድዩ ኣይተሸፈነን ክሕብረልኩም እዩ። ትልሚ ጥዕናኹም ግድን ንኹሎም ኣገልግሎታት ንውላድኩም ክሸፍን የብሉን እሞ ትልምኹም ነቲ ዝተኸልከለ ኣገልግሎት ከም ዝሸፍን ንምርግጋጽ መጀመርያ ነቲ ናይ ሽፋን መርትዖ ጽሑፍ ክትምርምሩ ኣለኩም። ብሓፈሻ፣ እዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ክውሰዱ ይኽእሉ፦

- እቲ ኣገልግሎት ብጌጋ ከምዝተኸልከለ እንተኣሚንኩም፣ ንትልምኹም ብቴሌፎን ብምርኻብ ብዛዕባ ናትኩም EOB ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ዘይወግዓዊ መስርሕ ገምጋም እዩ። ካብ ዘይወግዓዊ ገምጋም ዝኾነ ውጽኢት ብጽሑፍ ከም እትረኽብዎ ኣረጋግጹ ምኽንያቱ ንናይ ቴሌፎን ጻውዒት ይግባይ ክትብሉ ስለዘይትኽእሉ።
  - ናይ ነፍሲ ወከፍ ጻውዒት ቴሌፎን ናብ ትልምኹም ስም ናይቲ ዘዘራረበኩም ሰብን መዘኻኸሪታት ናይቲ ዝርርብን መዝገብ ሓዙ። እቲ ወኪል ትልሚ ጥዕና ሓበሬታ ሒዙ ክምለስ እንተኾይኑ፣ መዓስ ብዝግባእ መልሲ ክትጽበዩ ከም እትኽእሉ ምፍላጥኩምን መልሲ እንተዘይሰሚዕኩም ምስቲ ትልሚ ጥዕና ክትከታተሉን ኣረጋግጹ።
- ወኪል ኣገልግሎት ዓሚልኩም ትልምኹም ንሓደ ኣገልግሎት ኣይሽፍንን እዩ እንተ ኢሉ፣ ሕጂ'ውን ንሽፋን ዝኸውን ሕቶ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ናብ ወግዓዊ ይግባይ ክትከዱ እንተደሊኹም እቲ ናይ ጽሑፍ ምኽልካል ከድልየኩም እዩ።



  - ወግዓዊ ይግባይ ከተቕርቡ እንተ ወሲንኩም ብጽሑፍ ክኸውን ኣለዎ።
    - ትልሚ ጥዕናኹም ናይ ይግባይ ቅጥዒ ክህልዎ ይኽእል እዩ።
    - እንተዘይኮይኑ፣ እቲ መርትዖ ሽፋን ንመስርሕ ይግባይ ክገልጽ እዩ።
    - ኩሉ ግዜ ቅዳሕ ናይቲ ብጽሑፍ ዝገበርክምዎ ይግባይ ሓዝዎ።
- ኣብ ይግባይ እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ክትህቡ ትጽቢት ይግበር
  - ስምኩም፣ ኣድራሻኹምን ቁጽሪ ቴሌፎንኩምን
  - ናይ ኣባል መለለዪ ቁጽርኹም ወይ Social Security number (ቁጽሪ ማሕበራዊ ድሕነትኩም)
  - ቅዳሓት ናይቲ Explanation of Benefits (መብርሂ ጥቕምታት፣ EOB) ቅጥዕታትን ስም ወሃቢኹምን ናይ ክፍሊት ቅጥዒን
  - መግለጺ ናይቲ ክሽፈን እትደልይዎ ኣገልግሎት ወይ ኣገባብ
  - እቲ ኣገልግሎት ንምንታይ ክሽፈን ከም ዘለዎ ዝሕግዝ ሓበሬታ

ኣብ ውሽጢ ዝተወሰነ ግዜ ይግባይኩም ከተቕርቡ ክትግደዱ ትኽእሉ ኢኹም። ካብቲ ዝተፈቐደሉ ግዜ ወጻኢ ዝቐርብ ይግባይ ብትልሚ ጥዕና ኣይርአን እዩ። ኣብ ሓደሓደ ኣጋጣሚታት፣ እቲ ትልሚ ንህጹጽ ጉዳያት ፍሉይ ኣገባብ ክህልዎ ይኽእል እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ደንብታት መድሕን ኣብ ግዝኣት Washington፣ ናብ መስመር ቴሌፎን ተጠቃሚ መድሕን ብ 1-800-562-6900 ደውሉ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓገዝ ክንክን ጥዕና ንፍሉይ ድሌት ክንክን ጥዕና ዘድልዮም ህጻናት፣ ምድንጓይ ዕቤት፣ ወይ ስንክልና ዘለዎም፣ ንድምጽታት ስድራቤት ግዝኣት Washington ብ 1-800-5-PARENT ደውሉ።

# ናይ መድሕን ምርግጋጽ ወረቐት

ስም ውላድ፡- ______________________ ስም ወላዲ፡- ______________________

ናይ ውላድ DOB፡- ______________________ ምርመራ ውላድ፡- ______________________

ሪፈር ዝገብር ሓኪም፡- ______________________

ሓበሬታ መድሕን፡- በጃኹም ንናይ መድሕን ትካልኩም ደዊልኩም ነዚ ቅጥዒ ብዝተኽኣልኩም ዓቕሚ ምልእዎ። እዚ ብዛዕባ ሽፋንኩም ዘይትፋለጡ እንተኾንኩም ኣዝዩ ሓጋዚ ሓበሬታ እዩ።

ስም መድሕን፡-______________________ ስልኪ፡- ______________________

ናይ ጉዳይ ኣድራሻ፡- ______________________

ስም መድሕን ዘለዎ ሰብ፡- ______________________ ID #: ______________________

ትልሚ/ጉጅለ #፡- ______________________ ፖሊሲ ዝውሰደሉ ዕለት፡- ______________________

ክትድውሉ ከለኹም፣ ድሒርኩም ንኽትጥቀምሉ ስም ናይቲ ዘዘራረብክምዎ ሰብ ምጽሓፍኩም ኣረጋግጹ።

ርክብ ሰብ፡- ______________________ዕለት፣ ዝተደወለሉ ሰዓት፡-______________________

“ጥቕምታተይን ንጥቕምታተይ ምዕባለ ነርቭ ዝህቦ ሽፋንን ንምንጻር እየ ዝድውል ዘለኹ” በሉ። (ናይ ኣባል ID # ክሓቱኻ እዮም) ንኹሉ እቲ ሓበሬታ ንምምላእ እኹል ሕቶታት ሕተቱ። ዘይምሉእ ሓበሬታ ካልእ ጻውዒት ቴሌፎን ከድልዮ እዩ።

ናተይ ቴራፒስት/EI ፕሮግራመይ፣ ______________________ ፣ ኣብ ዝርዝር ተሳተፍቲ ኣቕረብቲ ኣሎ ድዩ?

እቲ ዝመረጽክምዎ ቴራፒስት/EI ፕሮግራም ኣብ ኔትወርክኹም እንተዘይሃልዩ፣ ሽዑ ነዞም ሕቶታት ሕተቱ፡-

“ፖሊሰይ ናይ ገዛእ ርእሰይ ቴራፒስት ክመርጽ የፍቅደለይ ድዩ?” ______________________

______________________

______________________

“ካብ ኔትወርከይ ወይ ካብ ዝርዝር ኣቕረብቲ ወጻኢ ክኸይድ ይኽእል ድየ?” (ከምኡ እንተኾይኑ፣ “ሽፋነይ ዝተፈለየ ድዩ፣ እንታይ ፍልልይከ ኣለዎ? በቲ ፍልልይ ክኸፍል ድየ?”) ______________________

______________________

ድሕሪኡ “እንታይ እዩ ናተይ” ኢልኩም ሕተዩ፡-

ናይ ሓባር-ክፍሊት፡- ________ % ወይ $ ______________ /ክፍለ ግዜ። እቲ ናይ ሓባር-ክፍሊት ወይ ሓባራዊ መድሕን ኣብ መዓልቲ ☐ ድዩ ወይስ ንነፍሲ ወከፍ ቴራፒ? ☐

ንኣብነት ውላድኩም OTን ናይ ዘረባ ምልማድ እንተተራእዩን ንስኹም ድማ $15 ናይ ሓባር-ክፍሊት እንተሃልዩኩምን፣ ንሓደ ቴራፒ $15 ዕዳ ኣለኩም ድዩ እዚ ድማ ብድምር $30 ወይስ ክንደይ ቴራፒታት ትርእዩ ብዘየገድስ ኣብ መዓልቲ $15 ጥራይ እዩ።

ዝቐረጽ? ☐ ኣይፋልን ☐ እወ መጠን ዝቐረጽ $ ______________________ / ስድራቤት ወይ ውልቀ ሰብ?

ኣብ ዓመት ካላንደር ዝቐረጽ? ☐ እወ ☐ ኣይፋልን ወርሓዊ ምጉዳል ይጅምር፡- ______________________

ንሎሚ ዓመት ዝኸነ ዝቐረጽ ተማሊኡ ድዩ? ☐ እወ ☐ ኣይፋልን እወ እንተኾይኑ፣ ክንደይ? ______________

ዕለታት ናይ ጥቕመይ ዓመት መዓስ እንታይ እዮም፡-______________ ክሳብ ______________

ካብ-ጁባይ-ዝወጽእ ዝለዓለ ወጻኢታተይ ክንደይ እዩ? ______________________

ኣብ ዕድመይ ዝለዓለ ደረጃ ክንደይ እዩ? $______________________ ክሳብ ሎሚ ክንደይ ተማሊኡ? $______________________

እቲ ዝለዓለ ናይ ዕድመ ልክዕ ንሓደ ስድራቤት ድዩ ወይስ ንሓደ ሰብ? ______________

ኣብ ዓመት ክንደይ ምብጻሕ ይፍቀድ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቴራፒ (ብዛዕባ ኩሎም ቴራፒታት ሕተቱ – Occupational Therapy (ሞያዊ ቴራፒ፣ OT) ፣ Physical Therapy (ኣካላዊ ቴራፒ፣ PT) ፣ ከምኡ'ውን Speech Therapy (ናይ ዘረባ ምልማድ ቴራፒ፣ ST) – ዋላ'ውን ውላድኩም ሓደ ጥራይ እንተድለዮ፣ ስለዚ ዳግማይ ኣብ መጻኢ ክትድውሉ ኣየድልየኩምን እዩ)? ______________________

ንOT፣ ______________ ንPT፣ን ______________ ናይ ዘረባ ምልማድ ዝኸውን ምብጻሕ።

ክሳብ ሕጂ ዝተጠቐምሉ ጥቕምታት ኣለዉ ድዮም? ☐ እወ ☐ ኣይፋልን      እወ እንተኾይኑ ግለጹ፡- ____________________

ካብ መባእታዊ ክንክን ወሃቢ ቅድመ-ፍቓድ ምውሳድ የድሊ ድዩ? ☐ እወ ☐ ኣይፋልን

ንፍሉያት ኣገልግሎታት ከም OT፣ PT፣ ከምኡ'ውን ናይ ዘረባ ምልማድ ካብ ወሃቢ መባእታዊ ክንክን ቅድመ-ፍቓድ የድሊ ድዩ? ☐ እወ ☐ ኣይፋልን

ካብ ወሃቢ መባእታዊ ክንክን ሓኪመይ ትእዛዝ ሓኪም የድሊ ድዩ? ☐ እወ ☐ ኣይፋልን

ንፍሉያት ኣገልግሎታት ከም OT፣ PT፣ ከምኡ'ውን ካብ ወሃቢ መባእታዊ ክንክን ሓኪመይ ትእዛዝ የድሊ ድዩ? ☐ እወ ☐ ኣይፋልን

እወ እንተኾይኑ፣ ንበጻሕቲ ኣቐዲምካ-ንምፍቃድ ወይ ትእዛዝ ንምሃብ እንታይ ከም ዘድልዮም ሕተቱ (እዚ ማለት፣ መዛግብቲ ሕክምና፣ ትእዛዝ መድሓኒት ሓኪም፣ ገምጋም፣ ደብዳበ ሕክምናዊ ኣድላይነት፣ ወዘተ)፡- ____________________

____________________

____________________

እቲ ፍቓድ/ትእዛዝ መድሕኒት ሓኪም ክንደይ ክፍለ ግዜታት ይሽፍን፡- ____________________

እቲ ፍቓድ/ትእዛዝ መድሓኒት ሓኪም እንታይ ዓይነት ግዜ ክሽፍን እዩ፡-____________________ክሳብ ____________________

ነቲ ምብጻሕ ምስ ወዳእናዮ ተወሳኺ ምብጻሕ ክጸድቕ ክንረክብ ንኽእል ዲና? ☐ እወ ☐ ኣይፋልን

እዞም ዝስዕቡ ኮዳት ይሽፈኑ ድዮም?

| ቴራፒ | ኮድ | እወ | ኣይፋልን |
|---|---|---|---|
| | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |

ፖሊሲየይ ከም "ቴራፒ ዝሸፈን እቲ ሕጽረት ብሰንኪ ሓደጋ፣ ሕማም ወይ መጉዳእቲ ክኸውን ከሎ ጥራይ እዩ" ዝኣመሰሉ ናይ ምግላል ዓንቀጻት ኣለዎ ድዩ? ☐ እወ ☐ ኣይፋልን

እወ እንተኾይኑ፣ እቲ ዓንቀጽ እንታይ እዩ፡- ____________________

ሕቶታትኩም ናብ ኣየናይ ኣድራሻ ኢኹም ትሰዱ? ____________________

____________________

***ካልኣዊ ናይ መድሕን ፖሊሲ እንተሃልይኩም፣ ካልእ ካብዞም ቅጥዕታት ነቲ መድሕን እውን ምልእዎ።

ናይ ጥዕና ዕቋር ሕሳብ ወይ ካልእ ዓይነት ንሕክምናዊ ኣድለይቲ ኣገልግሎታት ዝኸፍል ሕሳብ እንተሃልይኩም፣ እዞም ጥቕምታት ንኣገልግሎት ኣቐዲምካ ምትእትታው ብኸመይ ክውዕሉ ከም ዝኽእሉ ምስ ወሃቢ ኣገልግሎትኩም ተዘራረቡ።



*DCYF ዓሌት፣ ሕብረ፣ ጾታ፣ ሃይማኖት፣ እምነት፣ ኩነታት ሓዳር፣ ሃገራዊ መበቆል፣ ጾታዊ ዝንባለ፣ ዕድመ፣ ኩነታት ሓዳር፣ ወይ ህላወ ዝኾነ ኣካላዊ፣ ህዋሳዊ ወይ ናይ ኣእምሮ ስንክልና ብዘይምግዳስ ንኹሎም ሰባት ኣድልዎ ኣይገብርን ከምኡ'ውን ኣብ ፕሮግራማቱን ኣገልግሎታቱን ማዕሪ ተበጻሕነት ይህብ።*

*ናይዚ ሕታም ብነጻ ቅዳሓት ብኣማራጺ ቅርጺ ወይ ቋንቋ ምስ እትደልዩ፣ በጃኹም ን DCYF Constituent Relations (ርክባት ቅዋማት DCYF) ብስልኪ ቁጽሪ 1-800-723-4831 ወይ ብኢሜይል ተወከሱ* ***communications@dcyf.wa.gov***.

DCYF PUBLICATION FS_0034 TI (07-2023) Tigrinya